Tigrinja

# Dags att Prata om

## Sexuella övergrepp mot barn



ብዛዕባ ጾታዊ ዓመጽ ክንፈልጦም ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት

# ብዛዕባ ጾታዊ ዓመጽ

ኣብ ሽውደን ኩሎም ትሕቲ 18 ዓመት ሰባት ቈልዑ እዮም።

ጾታዊ ዓመጽ ግጉይን ክቋርጽ ዘለዎን እዩ። ኩሉ ሰብ ጾታዊ ዓመጽ እንታይ ምኳኑን ኣየኖት ዓይነት ሓገዝ ክረክብ ከም ዝኽእልን ክፈልጥ ጽብቕ እዩ። ፍልጠት እንተ'ለካ ብዛዕባ ዓመጽ ንክትዛረብ ድፍረት ክትረክብ ዝቐለለ እዩ።

ዝበዝሑ ሰባት ንጾታዊ ዓመጽ እንተ ተቓሊዖም፡ ሕማቕ ከም ዝስምዖም የርእዩ። ገለ ገለ ድማ ዋላ እኳ ሕማቕ እንተተሰምዖም ዝኾነ ነገር ኣየርእዩን እዮም። ንጾታዊ ዓመጽ እንተተቓሊዕካ ሓገዝ ክትረክብን ብዛዕባ ዘጋጠመካ ክትዛረብን ኩሉ ግዜ መሰል ኣለካ።

**ኩሉ ሰብ መሰል ኣብ ልዕሊ ኣካላቱ ኣለዎ።**

**ጾታዊ ዓመጽ ብዙሕ ዝተፈላለየ ነገር ክኸውን ይኽእል።**

- ዝኾነ ሰብ ኽሓቅፎካ፣ ክስዕመካ ወይ ክሕዘካ እንተ ደልዩ ኵሉ ግዜ ክትኣቢ ትኽእል ኢኻ።
- ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ንነብስኻ ቅቡል ዝኾነ ትውስን - ካልእ ሰብ ኣይኮነን።
- ልዕሊ 15 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ምስ ትሕቲ 15 ዓመት ሰብ ጾታዊ ርክብ ክፍጽም ኣይፍቐደሉን።
- ንካልእ ሰብ ንጾታዊ ርክብ ምግዳድ ገበን እዩ።
- ዋላ እውን መጻምድቲ እንተኾንኩም ወይ'ውን ቅድሚ ሕጂ ጾታዊ ርክብ ፈጺምኩም ትፈልጡ እንተኾንኩም፡ ኣይደልን ክትብል መሰል ኣሎካ።
- ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾንካ ዝኾነ ሰብ ክስእለካ ወይ ንወሲብ ዘብህግ ናይ ጥራይ ነብስኻ ዘርኢ ስእሊ ክዝርግሕ ኣይፍቐደሉን።
- ዝኾነ ሰብ ንጾታዊ ርክብ ገንዘብ፣ ኣቕሓ ወይ ጕንዖ ክኸፍል ኣይፍቐድን። ኣብ ሽወደን ጾታዊ ርክብ ምግዛእ ገበን እዩ።

# ሓደ ካብ ሓሙሽተ ቈልዑ ንጾታዊ ዓመጽ ይቓልዑ።

ዝኾነ ሰብ ንጾታዊ ዓመጽ ክቓላዕ ይኽእል እዩ። ንነኣሽቱ ቈልዑ፣ ዓበይቲ ቈልዑ፣ መንእሰያትን ዓበይቲ ሰባትን ከጋጥሞም ይኽእል።

ገለ ገለ ሰባት ንኣዋልድ ጥራይ እዩ ዘጋጥመን ኢሎም ይሓስቡ፣ ከምኡ ግና ኣይኮነን።

ንዓኻ እንተ ኣጋጢሙካ፡ በይንኻ ኣይኮንካን። ሓደ ካብ ሓሙሽተ ቈልዑ ኣብ ሽወደን ቅድሚ 18 ዓመት ምምልኦም ንጾታዊ ዓመጽ ይቓልዑ።

ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ዝፍጽሙ ዓበይቲ ሰባት ኣለው ፣ ዝበዝሑ ጾታዊ ዓመጽ ዝፍጽሙ ግና ትሕቲ 18 ዓመት እዮም። መንእሰያት ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ብዝርከብ ሰብ ንጾታዊ ዓመጽ ይቓልዑ። እዚ፡ ኣፍቃሪ፣ ኣፍቃሪት፣ መሓዛ ወይ እቲ መንእሰይ ዝፈልጦ ካልእ ሰብ ክኾውን ይኽእል።



ብደጋዊ ትርኢት ጥራይ መን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጾታዊ ዓመጽ ይፍጽም ኣይርኣን እዩ ። ሓደ ጥዑምን ሕውሱን ሰብ ጾታዊ ዓመጽ ይፍጽም እዩ ኢልካ ክትሓስብ ከቢድ እዩ፣ የግዳስ ከምኡ ክኸውን ይኽእል እዩ።

# ብፍጹም ናትካ ጌጋ ኣይኮነን

ድሕሪ ጾታዊ ዓመጽ ዝበዝሑ ተዓመጽቲ ነቲ ዓመጽ ከቋርጽዎ ይግብኦም ኔሩ ኢሎም ይሓስቡ። ኣብ ግዜ ጾታዊ ዓመጽ ኣብቲ ቦታ ምጽንሖም ናቶም ጌጋ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል። እምቢ ዘይምባሎምን ዘይምቕዋሞምን ናቶም ጌጋ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል። ግና ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ተዓማጺ ኣይኮነን ጌገኛ። ኩሉ ግዜ እቲ ንኻልኦት ዝጎድእ እዩ ጌገኛ።


እንታይ ጌጋ ጌረ፣ ስለምንታይ ኣነ ጥራይ ተዓሚጸ ኢለ ብዙሕ እየ ዝሓስብ። እቲ ጌጋ ናተይ ድዩ?

# ክትዛረበሉ ከቢድ

ሓደ ሓደ ግዜ ቈልዑን መንእሰያትን ቀቅድሚ ወይ ኣብ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ ክገብርዎ ዘይፍቐደሎም ነገራት ይገብሩ። ዘይፍቀደሉ ክነሱ ንእሽተይ ቈልዓ ምስ ዓቢ ሰብ ይኸይድ፡ ወይ ሓደ መንእሰይ ኣልኮላዊ ምሰተ ሰትዩ ዝሰኸረ ክኸውን ይኽእል። ሓደ ናይ ጥራይ ነብሱ ስእሊ ኣብ ኢንተርነት ዝዘርገሐ ወይ ኣብ ዘይፍቐደሉ ቦታ ዝጸንሐ መንእሰይ ወዲ ወይ ጓል እውን ክኸውን ይኽእል።

ቈልዑን መንእሰያትን ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ክገብርዎ ዘይግብኦም ነገር ጌሮም ምስ ዝነብሩ ሽግሮም ንዓበይቲ ሰባት ክነገሩ ዝኸበደ ይገብሮ። እቲ ዝነገርዎ ዓቢ ሰብ በቲ ዝገበርዎ ክቖጣዕ እዩ ኢሎም ይሓስቡ። ዝበዝሐ ንቈልዑ ዝዕምጹ እዚ ነገር ከምዝስምዖም ይፈልጥዎ እዮም። እቲ ቈልዓ ምእንቲ ከይነግር ነዚ ነገር ይምዝምዝዎ።



ንስኻ ኣይኮንካን ጌጋ ጌርካ። ነዚ ነገር
ክትሰምዖ ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣
ምኽንያቱ ንገዛእ ርእስኻ ክትወቕስ
ኣዝዩ ቐሊል ስለ ዝኾነ። ብተደጋጋሚ
ጌጋ ናትካ ኣይኮነን ዝብል ምስ
ትሰምዕ፣ ብዝበለጸ ክርድኣካ ይጅምር።

# ምስጢር

ምስጢር ኣዝዩ ደስ ዘብልን ዘደስትን ክኸውን ይኽእል። ንዓኻ ዘሕዝነካ፣ ዘፍርሓካ ወይ ዘቖጥዓካ ምስጢር ግን ክትዛረበሉ ኣለካ። ገለ ሰብ ብዛዕባ ጾታዊ ዓመጽ ክትነግር የብልካን እንተ ኢሉካ፡ ጌጋ እዩ።

ቅድሚ ገለ ዓመት ነገረ ኔረ። ኣብቲ ጊዜ እቲ ድሮ ብዙሕ ጊዜ ኣሕሊፉ ኔሩ፣ ነቲ ነገር ገዲፈዮ ሂወተይ ቀጺለ ነይረ፣ ይግዳስ ገለ ነገር ኣብ ውሽጠይ ሕርኽርኽ ዝብለኒ ኔሩ። ንማማ ከም ዝሓሰኹላ ኮይኑ ይስምዓኒ ኔሩ። ምስ ተዛረብኩ ግና ብቕጽበት ጽብቕ ክስምዓኒ ጀሚሩ።



# ምስ መን ክዘራረብ ይኽእል?

ክትዛረብ ጽብቕ ክስምዓካ ይኽእል፣ ግን ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ኽትዛረበሉ ትደሊ እንተ ኾንካን ንመን ክትነግር ከም ትደሊን ትመርጽ። ብዙሓት ከተዘራርቦም ትኽእል ሰባት ኣለዉ። ገለ ካብ ኣባላት ስድራቤትካ ክኾኑ ይኽእሉ፣ ዓርክኻ፣ መጻምድትኻ ወይ ዝኾነ ምስ ቈልዑን መንእሰያትን ዝሰርሕ ዓቢ ሰብ። ብዛዕባ ዓመጽ ምስ ትዛረብ ሓገዝን ናይ ምክልኻል ደገፍን ክትረክብ ትኽእል።

ኣዴኻ

ኣፍቃሪትካ

Ungdomsmottagning

(ቈልዑን መንእሰያትን ሕቶ ንኣብነት ብዛዕባ ኣካላቶም፣ ጾታዊ ርክብ፣ መከላኸሊ ኣብ ጾታዊ ርኽብ፣ ዝምድናን ጭንቀትን ምስ ዝህልዎም ዝሕግዝ ማእከል።)

ናይ ስነ ኣእምሮ ኪኢላ

መሓዛ

Kurator

(ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕ ሰብ)

Socialsekreterare

(ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኹሎም ኣብ ኮሙን ዝቕመጡ ደገፍን ሓገዝን ኣብ ዘድልዮም ጊዜ ይሕግዝ። ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ሓገዝ ኣብ ዝወሃበካ እዋን፡ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፣ ሓገዝ ወይ ምኽሪ ምስ ዘድልየካ ከተዘራርቦ እትኽእል ሓደ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎይ ይወሃበካ ።)

## ብዙሓት ክሰምዑኻ ዝደልዩ ኣለዉ!

Skolsköterska

(ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሕ ሰብ)

God man

(ኵሎም ብዘይ ወለዲ ናብ ሽወደን ዝመጹ ቈልዑ ንቑጠባ፣ ሕጊን ውልቓዊ ዝምባለን ዝሕግዝ ሓደ ሞጒዚ ይግበረሎም። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ https://www.informationsverige.se/svenska/Sidor/Start.aspx ርአ።)

መምህር

ኣቦኻ

ኣፍቃሪ

ሓኪም

ፖሊስ

# ብቋንቋ ሽወደንኛ ዝያዳ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል።

- **jagvillveta.se -** ብዛዕባ ኣብ እዋን ገበን ዘለካ ኵሉ መሰላት ።
- **UngaBoj.se -** ሓበሬታን ምኽርን ንዝተዓመጹ ቈልዑ፣ ንመሰኻክርን፣ ቤተሰብን።
- **RFSLungdom.se -** ንመሰላት ናይ ግብረሰዶመኛታት፣ ምስ ክልቲኡ ጾታ ባህጊ ወሲብ ዘለዎም፣ ጾታዝለወጡ ቈልዑን ኲርይስን ዝከታተል ማሕበር መንእሰያት ።
- **mucf.se/näthat-hat-på-nätet** ንማእከላይ ደረጃን ንካልኣይ ደረጃን ኣብያተ ትምህርቲ ዝተጻሕፉ ሕጋዊ መምርሒታት።
- **intetillsalu.se -** ሓበሬታ፡ ጾታዊ ርክብ ንምፍጻም ገንዘብ ዝተቐበሉን ብጾታዊ ርክብ ዝተሃስዩን ቈልዑ።
- **SafeSelfie.se -** ብዛዕባ ኣብ ኢንተርነት ዝዝርግሑ ጾታዊ ስእልታትን ፊልምታትን።

ንዝኾነ ትፈልጦ ሰብ ክትነግር ወይ ክትከስስ እንተ ዘይደሊኻ፣ ስማካ ከይነገርካ ሕቶ ክትሓተሉን ሓገዝ ክትረኽበሉን እትኽእል ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት፣



- Bris.se
- Bup.nu
- Tjejjouren.se
- Killfragor.se
- UMO.se

ህጹጽ ምስ ዝኸውን ናብ 112 ደውል። ንኣብነት ጾታዊ ዓመጽ ይፍጸም ከም ዘሎ እንተ ፈሊጥካ ወይ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓደጋ እንተ ሃልዩ።

ናይ ሓደ ገበን ምልክታ ከተእቱ እንተ ደሊኻ ናብ 114 14 ደውል ወይ ናብ ዝኾነ መደበር ፖሊስ ኪድ።

ንስኻ ወይ ዓርክኻ ደገፍ ወይ ምኽልኻል ትደልዩ'ዶ? ምስ ኣብ ኮሙንካ ዝርከብ socialtjänsten ተራኸብ። ቁጽሪ

እዚ ጽሑፍ እዚ ብሓገዝ ቈልዑን መንእሰያትን ካብ Children´s Welfare Foundation Sweden ዝተዳለወ እዩ። እቲ ጥቕስታት ካብኦም እዩ ተረኺቡ። ገሊኦም ናይ ጾታዊ ዓመጽ ግዳይ ኮይኖም እዮም፡ ገሊኦም ድማ ኣይኮኑን።

www.dagsattprataom.se

ኣብዚ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ኣሎ።